# መንግስቲ ኣምላኽ ንድኻታት ጥራይ እያ!

*ሃብታም ናብ መንግስተ ኣምላኽ ካብ ዚኣቱስ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሐልፍ ይቐልል፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ እብለኩም ኣሎኹ።* (ማቴዎስ 19፡24)

እታ ኣርእስቲ እዛ ጽሕፍቲ ኣንቢብና ጥራይ ክሳብ እታ መወዳእታ ሓረግ ከየንበብና ኣብ ሓደ ውሳነ ከይንበጽሕ እምሕጸኩም። ክንደይ እዋን ኣሎ ምሉእ ምኽሪ እቲ ቃል ኣምላኽ ከይነብብናን ከይተረድኣናን ብሓጺሩ ተርጉምና ከምኡ ኮይንና ክንነብሮ ዘይንርከብ። ቁንጭል ፍልጠት ሓደገኛ እዩ ዝብሃል ብኸምዚ ዝመጸ እዩ። በዚ መገዲ እዚ እዛ ጥቕሲ ባዕላ ነቲ ኣብ ዓውዳ ሓሳብ እንተዘየንቢብናዮ ቅልጡፍ ምግምጋም ጌርና “ መንግስቲ ኣምላኽ ክትኣቱ ድኻ ክትከውን ኣሎካ” ኢልና ክንድምድም ዝክኣል እዩ። ግናኸ ከምኡ ኣይኮነን። ከመይሲ ውርድ ኢልና እንተነቢብና “ እዚ ንሰብ ኣይከኣሎን፡ ንኣምላኽ ግና ኵሉ ይከኣሎ እዩ፡“ ዝብል ንረክብ ኢና።

ክንርስዖ ዘይብልናስ መንግስቲ ኣምላኽ ምእንቲ ክንወርስሲ እግዚኣብሄር ዝኸፈለልና ዋጋ መተዓራርይቲ ከምዘይብሉ እዩ። ነቲ ዘፍቅሮ ሓደ ወዱ እዩ ኣሕሊፉ ሂቡ! ኣምላኽ *ኵሉ ሰብ* ክድሕን ስለዝፈቱ (1ጢሞ. 2፡3,4) እቲ ደገ ምድሓን ንኹሉ ሰብ ዝደለዮ ዓይነት ሰብ ይኹን ካብ ይኹን ዝኾነ ዓይነት ደርቢ ይምጻእ ብዘየገድስ ዝገበረ ዓይነት ሓጥያት ይግበር ክድሕን ኢሉ እዩ ዝመጸ።

እዛ ጥቕሲ ካብቲ ጎይታ የሱስ ምስቲ ሃብታም መንእሰይ ዝገበሮ ዝርርብ ዝመጸት እያ። እዚ መንእሰይ መንገስቲ ምላኽ ክኣቱ ዝነበሮ ድልየት ክንርኢ ንኽእል ይኹን ድኣ እምበር ክሓድጎ ዘይደለየ ነገር ነይሩ፤ ሃብቱ! ካብ ኣባህላ ጎይታ የሱስ ሃብታማት ንመንግስቲ ኣምላኽ ፈጺሞም ክኣትዉ ከምዘይክእሉ ዝመስል ክወጽእ ከሎ ንርኢ ኣሎና። ንኹሉ ሰብ ክድሕን እናደለየስ ንገለ ፈልዩ ክትርፍ ዘይሕሰብ እዩ። ቃል ኣምላኽ ንሓድሕዱ ኣይጋጨን እዩ። ሞቱ ንኹሉ እምበር ንገለ እተፈልዩ ሰባት ኣይኮንነን። ጎይታ የሱስ ሃብታማት ዘይኮነስ ነቲ ሱር ኩሉ ኽፍኣት ዝኾነ ገንዘብ እዩ ዝጸልአ። ንሓጥያትን ሓጥያተኛታትን ፈልዩ እዩ ዝርእዮም። ሓጥያት እምበር ሓጥያተኛታት ኣይጸልእን እዩ።

ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል እትብል ሓረግ ብብዙሓት ተርጎምቲ ኣብ እስራኤል ዓይኒ መርፍእ እትብሃል ደገ ኣላ ኢሎም ክዛረቡ ሰሚዕና ኣሎና። እዚ ግና ኣብ መበል 11 ክፍሊ ዘመን ዝነበረ Theophylact እተባህለ ጵርኣዊ ኣገልጋሊ ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ጥቕሲ (commentary) እምበር ከምኡ ዝብሃል ደገ ኣብ የሩሳሌም ኣይነበረን የሎን ድማ!